ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ እቲ ነቲ ጉዳይ ዝከታተሎ ዝነበረ ፖሊስ ጀርመን ህ.ግ.ሓ.ኤ. ከም ተሮሪስት ክስራዕ ናብ'ቲ ዝላዓለ ዓቃቢ ሕጊ ናይ ጀርመን ብጽሑፍ ከመልከት ከም ዝጸለ ኣዕሊሉኒ ምንባሩ እዝክር።

ምስ'ቲ ኣብ 1988 ዓ.ም ናተይ ካብ ህዝባዊ ግንባር ምህዳምን ንሰም ንዓይ ንምቕታል ዝወሰድዎ ስጉምትን ዝተኣሳሰረ ነገር፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ፡ ኣብ 2017 ዓ.ም ሰሚዔ፡ ብዙሕ ተገሪምኩ።

ኣብ 1988 ዓ.ም ንዓይ ኣብ ጀርመን ንምቕታል ይዳየሉ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን፡ ጴጥሮስ ሰሎሙን፡ ንታ ኣደ ወደይ ዝነበረት ንሳቤላ ብርሃነ ካብ ድፋዕ ጸዊዑ፡ ንዓምበርበብ ናብ ክፍሊ ስለያ ከም ትመጽእ ድሕሪ ምግባር፡ ቃል ብቓሉ ከምዚ ከምዝበላ ሰሚዐ፡ "ንየማነ ቀቲልናዮ ኢና። ንሰብኣይኪ ቀቲልናዮ ስለዝኾንና ሰብኣይ ከም ዘይብልኪ ትፈልጢ ኢሉዋ። ሳቤላ ከምኡ ከም ዝበላ ነቶም ትኣምኖም ሰባት ስለ ዘዕለለት ድማ ሙብዛሕትኦም ኣባላት ሰልፊ ኣነ ከም ዝተቐተልኩ ገይሮም ይኣምኑ ከም ዝነበሩ ኣብዚ ዓመት'ዚ ሰሚዔ።

ከምኡ'ውን ነታ ሰበይቲ የሴፍ ዳያን ዝነበረት ንምብራቕ ሃይለ ምስ ሳቤላ ካብ ድፋዕ ከም ዝሰሓባ ፈሊጠ። ጴጥሮስ ንዓኣ ብዛዕባ ዳያን እንታይ ከም ዝገለጸላ ግን ኣይፈለጥኩን። ንምብራቕ ግን ኣባል ናይቲ ክፍሊ ስለያ ከም እትኸውን ገይሮም ኣብኡ ከም ዝተረፍዋ ሰሚዔ። ምብራቕ ኣብ'ቲ ክፍሊ ስለያ ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ፡ ነቲ ትፈትዎ ዝነበረት ሰብኣያ፡ ንየሴፍ ዳያን ኣብ'ቲ ከባቢ ንሳ ዝነበረቶ ቦታ ከም "ዘጻዕዎ" ፈሊጠ። መሻከነይቲ ምብራቕ ነዚ ከይፈለጠት፡ ነቶም ንሰብኣያ ዝቐተልዎ ኣባላት ክፍሊ ስለያ፡ ከም ብጾታ ወሲዳ ምስኦም ብሓባር ትጉዓዝ ነበረት። ምብራቕ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ከምዘላ ሰሚዔ። ከረኽባ ፈቲነ ግን ኣይከኣልኩን። ታሪኽ ናይ ህዝባዊ ግንባር ጸዊቑ ዝውዳእ ኣይኮነን።

ጴጥሮስ ሰሎሙን ስለ ምንታይ ከምኡ ከም ዝገበረ ክርድኣኒ ኣይክእልን። ምናልባሽ ግን ኣብ ውሽጢ ኣባላት ሰልፊ ራዕዲ ንምእታው ክኸውን ከም ዝኽእል እግምት። ምስኡ ኣተኣሳሲረ ግን ነዚ ዝስዕብ ክገልጽ እፈቱ።

ኣብ 2013 ዓ.ም ምስ ሬድዮ ኣሰና ቃለ መሕተት ድሕሪ ምግባረይ፡ ሓደ ንመንግስቲ ኤርትራ ገዲፍዎ ኣብ ዋሽንግተን ዲ.ሲ. (Washington D.C) ዝቕመጥ ዘሎ፣ ናይቲ መንግስቲ ኩሎኔል ዝነበረ ብስልኪ ረኺቡኒ። ምስ'ቲ ኩሎኔል ቀደም ኣብ ከቢድ ብረት ብሓባር ስለ ዝነበርና ቁሩብ ንፋለጥ ኔርና። ቁሩብ ድሕሪ ምዕላልና ከኣ፥



"ኣብ 2009 ዓ.ም ድኣ ኣብ ዋሽንግተን ርእየካ ነይረ እንድየ" በለኒ።

"እንታይ ድኣ ኬንካ ሰላም ዘይበልካኒ?" ምስ በልኩዎ ከኣ፥

"ህዝባዊ ግንባር ንየማነ ተኸለገርግሽ ቀቲልናዮ ኢሎም ስለ ዘውረዩ፡ ንስኻ ናይ ብሓቂ ዝሞትካ እመስለኒ ነይሩ። ብዓል ዓንዱ ንዓናይ ንየማነ ሰላም ንበሎ ምስ በሉኒ ከኣምንም ኣይከኣልኩን፣ ናይ ብሓቂ ብህይወት ትህሉ ኢኻ ኢለ ስለ ዘይገመትኩ። ምስ ሰባት ክተዕልል ብርሑቕ ምስ ረኤኹኻ ግን ሃዲመ ከይደ" በለኒ።

"እንታይ ረኺቡካ ድኣ ትሃድም?" ኢለ ሓተትኩዎ።

"ንየማነ ቀቲልናዮ ኢና ኢሎም ስለ ዘውረዩ፡ ናይ ብሓቂ ዝቀተሉ'ኻ መሲሉና ኣሚንናዮም ኔርና። እቲ ዝሰማዕናዮ ሓሶት ኰይኑ፣ የማነ ጌና ብህይወት እንተድኣ ሃሊዩ፡ ሕጂ ንዓይ ከቐትል'ዩ ናብ'ዚ መጺኡ ዘሎ ኢለ ስለዝፈራህኩ ካባኻ ሃዲመ ከይደ" በለኒ።

"ሕጂ ድኣ ከመይ ጌርካ ኣሚንካኒ ትድውለይ ኣሎኻ?" ምስ በልኩዎ ከኣ

"እቲ ምስ ሬዲዮ ኣሰና ዝገበርካዮ ቃለ መሕተት ምስ ሰማዕኩ'የ ክኣምነካ ክኢለ። ነቲ ዝገበርካዮ ቃለ መሕተት ምስ ሰማዕኩ፡ ንሕና ነቲ ውድብ ንፈልጦ ከም ዘይነበርና ክርዳእ ክኢለ" በለኒ።

ካብ ዘረባ ናይ'ቲ ኰሎኔል፡ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ከምኡ'ውን መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ነንሕድሕድና ከም ዘይንተኣማመንን ኣብ ራዕዲ ከም እንነብርን ጌይሩና ከም ዘሎ ክርዳእ ከኣልኩ። እቲ ዘይምትእምማን ድማ መንግስቲ ህግደፍን እቲ ኣብ በረኻ ዝነበረ ወለዶን ስጋብ ዘለዉ ክቕጽል እዩ።

## ምዕራፍ 42

## ናይ ፖለቲካ ስደተኛ ዑቕባ ረኺበ

ኣብ'ቲ ህ.ግ ክቐትሉኒ ሸበድበድ ዝብልሉ ዝነበሩሉ እዋን፡ ንከተማ በን ገዲፈያ ናብ ኣብ ከባቢ ዶብ ሆላንድ ዝርከብ መዓስከር ስደተኛታት ክኸይድ ተኣዚዘ ከም ዝነበርኩን፣ ኣንጻር እቲ ውሳኔ ይግባኝ ብምባል ናብ ቤት ፍርዲ ጥርዓን ኣቕሪበ ምንባረይን ኣቐድም ኣቢለ ጠቒሰዮ ነይረ። እቲ ቤት ፍርዲ ንናተይ ጥርዓን ብምንጻግ ንከተማ በን ገዲፈያ፡ ናብቲ ዝመደቡኒ ቦታ ክኸይድ ወሰኑ። ይኹንምበር ኣብ በን ንምትራፍ ካብ ምቅላስ ዓዲ ኣይውዓልኩን። ኣቶም ናይ ስደተኛታት ሓለፍቲ ከኣ ንውሳኔ ናይ ቤት